# ***መልእክቲ “ጉያይ ወዲአ ኣለኹ”***

***ሃገራዊ መልእክቲ ኣቡነ መቃርዮስ።***



https://www.youtube.com/watch?v=AnYtnO-YLkc&feature=youtu.be

እዚ ጽሑፍ ኣቦና ኣቦና መቃርዮስ ንህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ጉጉይ ካልኣይ ውግዘት ውጉዝ ሲዶኖስ ኤርትራ፡ ብዕለት 17 ሓምለ 2019 ኣብ ሊዕሊ ብጹዕ ወቅዱስ ሳልሳይ ፓትሪያርኽ ኤርትራ ኣቡነ ኣንጠንዮስ፡ ካብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ ዝተቆንጨበ እዩ። ኣቡነ መቃርዮስ መልእኽቶም ከመሓላልፉ ከለዉ “ስሚዕ”፣ “እነ ግረካ ኣለኹ” ዝብሉ ሓያለ ቃል ተጠቂሞም፡ እቲ ዝደቀሰ ክበራበር፣ እቲ ሸለል ዝበለ ክግደስ፣ እቲ ዝፈዘዘ ክነቅሕ ዝሕግዛ፥ ስሚዒት ዘበራብራ ሓረጋት ተጠቂሞም እዮም። መልእክቶም ከም ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ መወዳእታ ሰዓት መልእክቲ ዘመሓላለፎ “ጉያይ ወዲአ ኣለኹ” እዩ ዝመሳሰል። ካብ እዚ ሓሳብ ተበጊሰ መልእክቲ “ጉያይ ወዲአ ኣለኹ” ዝብል ኣርእስቲ ሂበያ ኣለኹ።

ኣቡነ መቃርዮስ መልእኽቶም ብምርጨና ብ መንበረ ስልጣን ፓትሪያሪክ ኣቡነ እንጦንዮስ ኢዮም ጀሚሮም። ሳልሳይ ፓትርያርኽ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ኣንጠንዮስ፡ ሕጊ ሃዋርያዊ ሰንሰለት ኤርትራ ብዝፈቅዶ ማሰረት፡ ብዓብላሊ ድምጺ ሲኖዶስ ኤርትራ እዮም ተሸይሞም። ድሕሪ ሽሞቶም ሕጉን ስርዓቱን ብዝእዝዞ ማሰረት ከኣ ንኣቡናትን ጳጳሳትን ሸይመሞም። ኣብ መንጎ ግን ዘይምርድዳእ ስለዝመጸ ሕንፍሽፍሽ ኮነ። እቶም ተቀበልቲ ሽሙት ክነሶም እንተብፍርሂ፣ እንተብጉርሒ፣ እንተብዕሽነት ተገ ማጢሎም መቀኛታት ኮይኖሞም። ካብ መንበሮም ከኣ ብውግዘት ኣለይዎም። ማስ ብዙሕ ጸለማ ጠቀነን ንመእሰርቲ ኣሕሊፎም ንመንግስቲ ሃብዎም።

ሕጂ ኣቡነ ኣንጦዮስ ካብ ስልጣን ዝተኣለዩሉ ምኽንያት ካብ ቃሎም ግልጺ ኮይኑ ኣሎ። እዚኦም ኣቦ ኣብ መሓዩር ዝተደርበዩሉ ምኽንያት ማስ ፖለቲካ ኢሳይያስ ስለተራጸሙ እዩ። እቲ ናይ ሓሶት ጸለማ ጠቀነን ብሲኖዶስ ዝመጸ ምመንግስቲ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ኢዱ ስለዝእተወ፡ ነዚ ምትኣትታውጸኒ ዖም ብትብዓት ስለተቃወሙ እዩ። ሲዶኖስ ተራ ተሓባባራይ ማእርሒ መንግስቲ ጥራይ ኮይኑ ተጻዊቱ። ሲኖዶስ ፓትርያርኹ ካብ መንበሮም ክእልዩ ማስ ወሰነ፡ ኣቡነ ኣንጠንዮስ “ብስልጣነ ኣብ በስመ ወወልድ በስመ ወመንፈስ ቅዱስ” ካልእ ፓትርያርኽ፣ ጳጳስ፣ ካህንን ዲያቆንን ከይሸሙ ውጊዞሞም ነይሮም። ብሕጊ ሃዋርያዊ ሰንሰለት እቲ ተቀባሊ ነቲ ወሃቢ ሹሙት ክግዝቶ ኣይክእልን። ናብ እስክንድርያ መልእክተኛ ሰዲዶም እንተነበረ እውን፡ እስክንድርያም ብዘይ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ከምዘይትፈልጦም እቅጩ ነጊራቶም። ሓቂ እንተዝህልዎም ነይሩ፡ እስክንደርያ ሽሙት ፓትርያርኽ ደልዮም ኣብ ዝኸዱሉ እዋን ንኣቡነ ኣንጠንዮስ “መናፍቃን” ኮይኖም’ ኢሎም ሞርትዖ ታት ኣቅሪቦም ምኸሰስዎም ነይሮም። ስለዘይብሎምግን ሓፊሮም፡ ተረዳዲእና ተመሊስና ኢሎም ሓሲዮም።

ኣቡነ መቃርዮስ: እዞም ኣባላት ሲኖዶስ ዘለዉ ኣቡናት ስልጣን ከምዘይየብሎም ኣብሪሆም። እቲ ተጠቂሱ ዘሎ ሕጊ ሃዋርያዊ ሰንሰለት ቤተ ክርስትያን ክኽበርን ክዕቀብን ነይርዎ። እንተኾነ ሊቀ ጳጳሳት ኢና ዝብሉ ጡሓስዎ። ኣባላት ሲዶኖስ ውጉዛት ክነሶም ብዘይ ፈቃድ ሃዋርያዊ ሰንሰለት እስከንድርያ ኣብ ሊዕሊ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ንውጉዝ ኣቡነ ዲስቆርዮስ ራብዓይ ፓትርያርክ ጌሮም ሸይመሞም። ዝዓበየ ጌጋን ዝለዓለ ጥርዚ ሓጥኣትን ከኣ ፈጸሙ። ድሕሪኡ እውን ክሳብ ሕጂ ዝግበር ዘሎ ሽሙት ጳጳሳት፣ ኣቅሽሽቲን ድያቆናትን ወግዓዊነት ዘለዎም ኣይኮነን። እቲ ምሃብ ሽሙት ብዘይ ባርኾት በዓል ማሰል ብጽዕ ወቅዱስ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ኢዩ። እዞም ሕጊ ዝጥዕሱ ዘለዉ ግዙታት እዮም ቆቢዕ እንተገበሩ እውን እቲ ቆቢዕ ኣቡን ከብሎም ኣይክእልን ኢዩ።

ኣባላት ውጉዝ ሲኖዶስ ኤርትራ ኣብዚ ቀረባ ጊዜ ንኻልኣይ ጊዜ ስሕተት ይፍጽሙ ኣለዉ። ንዓስርተ ሰለስተ ዓሙታት ኣብ ማሕዩር ንዝጸንሑ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ንኻልእይ ጊዜ ብዕለት 17 ሓምለ 2019 ብመግለጺ ወጊዞሞም ኣለዉ። ዓቃቢ መንበርም ሸይሞም ኣለዉ። ካልኣይ ዕዉር ጌጋ ይፍጸም ኣሎ። ንኻልኣይ ጊዜ ፓትሪያርኽ ንኽሽሙ ምድላዋት ዝገብሩ ዘለዉ እዮም ዝመስሉ። መልእኽቲ ኣቡነ መቃርዮን፡ ሕጂ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘለዎ ሃሊዩ ንኻልኣይ ጊዜ ክጋገ የብሉን ዝብል እዩ። ሽሙት ክህቡ ስልጣን ዘይብሎም ፈለስቲ እንተደኣ ፓትሪያርኽ ሸይሞም ጽባሕ ንጉሆ እስክንድርያ ብዘይ ውዕል ንዝሃበቶ ሃዋርያዊ ሰንሰለት ብዘይቅድመኩነት ክትስሕቦ እያ። ሎሚነ ዚኣ ሃዋርያዊት ሰንሰለት እንተደኣ ጠፊኣን ካብ ኢድ ኤርትራውያን ሞሊቋን፡ ጽባሕ ዘውህባ ኣካል የልቦን።

ኣቡነ መቃርዮስ ኣብ መልእክቶም ነቲ መንበረ ፓትርያርኽ ክወርስ ዘሚዕዱዉ ዘለዉ ፈላሲ ምኽርን ማጠንቀቕታን ሂቦሞ፡- “ኣታ መንበር ፓትርያርኽ ብዘይ ሃይማኖታዊ ሰንሰለት ክትወርስ ትሸባሸብ ዘለኻ፡ ሕራይ ኢልካ ከይትኣቱ። እቲ ስልጣን ዝህብን ዝኸልእን ኣምላኽ ክሃርመካ ኢዩ። ካብ ኣቡነ ደስቆርዮስ ተመሃር። እታ ትሙጽእ መዓት ትቅበላ ንስኻ ኢኻ። ኣቡነ ዲስቆርዮስ ንዓሰርተ ሰለስተ ወርሒ ኣብ ዓራት ጥንቅሊዒት ደቂሶም ኣፎም ከፊቶም ክዛረቡ ኣይኽእሉ ክሰምዑ ኣይኽእሉ ኮይኖም እዮም ሓሊፎም። ናትካ ከኣ ክትብእስ እውን ኢያ። ወይ ዓይንኻ ወይ እዝንኻ ክትስእን ኢኻ። ማዕጾ መንግስተ ሰማያት ክትዕጸወካ እያ። ኣብ መንግስተ ሰማያት ብቅልጽምካ ኣይእቶን ኢዩ። ብጽቡቅ ግብሪን ስራሕን ጥራይ ኢዩ ዝእቶ።” ኣስዕብ ኣቢሎም እውን ነቶም ወሃብቲ ሽሙት “ከም እቲ ክርዳድ ዝዘርአ ክርዳድ ዝዓጽድ ኣቱም ሽሚቲ ከም ጨውን ሽኮርን ክትሓቁ ኢኹም።” ክብሉ ብጥረኣ ነጊሮሞም። ብዛዕባ ኣቡነ እንጠንዮስ ከኣ “ንቡጽዕ ወቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ግን እግዚኣብሄር ባዕሉ ክሕለቀሎም እዩ። ንሶም ከምጐላ ክፈልሑ፣ ከምጋባ ከኣ ክዕምቡቡ እዮም።” ኢሎም ዓወት ኣቡነ ኣንጠንዮስ ኣሙቱ።

ብዛዕባ መንግስቲ ኤርትራ እውን ሓያል ዝኾነ መልእክቲ ኣመሓላሊፎም። ብፍላይ ኣብ እቲ ፈለማ ናጽነት ዝነበረሉ እዋን፡ ኢሳይያስ፡ ኢዱ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ከእቱ ምኺኡ እንዳዘከሩ ተሪር መልእኽቲ ኣመሓላለፉ፡- “ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ታሪኽ ንዘለኣለም ትውቀስ ክትነብር ኢኻ። እቲ ኩሉ ኣብ ሜዳ ዝገበርካዮ ታሪካ ክበላሾ ኢዩ። ስለምንታይ ንስኻ ክምስ ከይበልካዮ ዝኾነ ነገር ኣይስራሕን ኢዩ።” ኣስዒቦም እውን ነቶ ፓፓጋሎ ሰበስልጣን ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ዝምልከቶም “ኣቱም ኣብ ናይ ሃይማኖት ክፍልታት ዘለኹም ሹመኛታት። ንብጹዕ ወቅዱስ ሳልሳይ ፓትርያርኽ ኤርትራ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ጥፍኣት እንተሃሊዎም፡ ጨብጥን ሚዳን ሒዝኩም ኣብ ናይ ዓለም ኣብያተ ክርስትያናት፣ ኣብ እስክንድርያ ሙጺእኩም ክሰስዎም። ኣቡነ ኣንጠንዮስ ሓቂ ሒዞም ከምዝለዉ ስለ እትፈልጡግን ኣይትውዕልዎን ኢኹም።” በልዎም።

ኣቡነ መቃርዮስ ኣብዚ እዋን እዚ ኣባል ናይ እስክንድርያ ሲኖዶስ እምበር ኣባል ናይ ሲኖዶስ ኤርትራ ከምዘሰረዝዎ ከብርሁ ከለዉ፡ “ንምንታይ ሓቂ ስለዘይብሎም። ንምንታይ ጉድለት ስለ ዝገበሩ።” ኢሎም ኢዮም ዝወቅስዎም። ዝነበሮም ተራ ከምዝፈጸሙ ዝገለጽሉ መንገዲ እውን “ንክሉኹምነ ጊረኩም ኣለኹ ኢደይ እውን ካብዚኣ ጉዳይ እዚኣ ተሓጺበ ኣለኹ። ኣብ ታርኽ ኣነ ኣይውቀስን ኢየ። ኣነ ስጋዕ ዚኽእለተይ ሰሪሐ ኢየ። እቲ ሃዋርያዊ ሰንሰለታዊ ስልጣን እታ ሃገር ንክትረክብ ማስ ብጸተይ ጺዒረ ኣውዒበያ እየ።” ክብሉ እዮም ገሊጾሞ። ነቶም ኣብ ጎኒ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ደው ኢሎም ብዛዕባ ሓቂ ዝተጋደሉ ብሓፈሻ ኣድናቆቶም ገሊጾምእዮም -“ኣቱም ኣብ ጎኒ ብጽዕ ወቅዱስ ኣቡነ ኣንጠንዮስ፡ ደው ዝበልኩም፣ “እምቢ ንምትእትታው መንግስቲ ዝበልኩም”፣ “መናፍቅ ጳጳስ፣ ዓላዊ ንጉስ እንተመጸ እምቢ በሉ” ዝብል ምኽሪ ኣቦታትና ዝፈጸምኩም ታሪኽ ሰሪሕኹም ኢኹም።” ክብሉ ዝገበርዎ ንኹርዕእት ሃይማኖቶም ምኺኡ ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ ፍታሕ ከምጽእ ኢሎም ዝሓሰብዎ ኣንፈታዊ መምርሒ ባርኾቶ ሂቦም- “ኣነ ንህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ኣፈላላይ ኣስላማይን ክርስትያንን እነ ግሮ ኣለኹ። ህዝቢ ኤርትራ ዓውኢለ የእወየልካ ኣለኹ። ኣይሰማዕኩን ከይትብል ኣእዛንካ ጽለው። ሓዚነ እየ ዘለኹ። ንኣቦና ሼኽ ማኣ ወዲ 80 ዓመት ከምዝሞቱ ኣሕሊፍና ሂብናዮም። ኣብ ጎኖም ደውኢልና ኣይተኸላኸልናሎምን። “ለባም ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ እንተሎ ተዘረቡ” ኢሎም መጸዋዕታ ንህዝቢ የቅርቡ ኣቡነ መቃርዮስ። “ንስኻ/ኺ እንታይ የእቲካ/ኪ ኣይትበሉ። የእትወና እምበር በሉ። ህዝቢ ኤርትራ ማስልኩም ሓልዉ። ንማስልኩም ደውበሉ። ማስልኩምኣኽብሩ። ኣብ ወጻኢ ኣብነጸ ዓለምዘለኹም። ድምጽኹምዓውኢልኩምኣኣብዘለኹሞኣስምዑ። እዞምትሰምዑኒ ዘለኹም ኩሉኹም ድምጽኹም ኣውጽኡ። ምእመናን መንፈስ ቅዱስ የብረሃልኩም። እቶም ነቲ እምነት እትሓልዩ ተለዓሉ። ኣምላኽ ይሓግዝኩም።” ክብሉ ሜልእኽቶምሜልእኽቲ “ጉያይ ወዲኤ ኣለኹ” ዓጸዉ።

***<u>መፍትሔር እይቶ ደብረ</u>***

ሓሰውቲ ኣቡናት፣ ሓሰውቲ ካህናት፣ ሃሰውቲ ዲያቆናት ኣብ ኣብያተ ክርስያናትና ፈሊሖምኣለው። ከምዚኦምዓይነት ከደዓት ካህናት ኣብ ኩሉ ቤተ ክርስትያናት ይህሉዉእዮም። እዚኦም ንኽሞሮሖና ከሜይ ኢልና ኢና ነፍቅደሎም፧ ኣብ ከምዚ ህሞት “ቀሺ ዝበለካ እምበር፡ ገበረ ኢልካ ኣይትግበር” ዝብል ኣበሃህላ ንንጸጎ። ንሕና ንሃይማኖትና ፈራዶ ክንከውን እንተዘይከኣልና ንማስል እምነትና ክንከላኸል ይግባእ። ንዑ ንሃይማኖትና ደውንበል። ንዑ ንቅቡእ ፓትርያርክና ንስዓብ። ንዑ ንቅቡኡ ነጻ ነውጸኣዮም፧ ንዑ ነዞም ውጉዛት ንወግዞም ንንጸጎም። ንሰም ካብ ኣብያተ ክርስትያናት ክንኣልዮም እንተዘይክኢልና ንሕና ናብኦም ምምኻድ ደውነብል። ንዑ ንማስና ደውንበል። ንዑ ማስልና ነኽብር። ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ኣብነጸ ዓለምዘለና። ድምጽና ዓውኣብልና ኣኣብዘለናዮ ነስምዕ። ቅንዕና ሒዝና ስለዘሎና መንፈስ ቅዱስ ከብረሃልና ኢዩ። ንዑ ንእምነትና እንሓልይ ንለዓል። ንዑ ምእመናን ክሳብ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ኣብ መንበሮም ዝምለሱን በትረ ፓትርይርኾምዝጨብጡን፥ ንኣብያተ ክርስትያን ምኻድነቋርጾ። ኣምላኽ ምሳና ኢዩ፡ ክሕግዘና ኢዩ።

ካብ ምኽ ካዕለል ውጉዛት ይሰውረና
ምልኪ ይፍረስ ፍትሒ ይንገስ፣
መስትር ሆት ካብ እግዚኣብሄር እዩ።
ሓውኹምደብረ